# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ቃለ-መሓትት ፕረሲደንት ኢሳያስ ናተን ገዲፈንሲ ናይ እንዳኣማተን

ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ብ19 ሕዳር 2005 ምስ ረድዮን ተለቪዥንን ኤርትራ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሓትት፡ ነቲ እተገብረሉ ትጽቢት ዝምልስ ኣይነበረን። ቅድሚ ሕጂ ዘይተባህለ ዝሰማዕናዮ ሓድሽ ነገር ውን ኣይነበሮን። ብሓጺሩ፡ ኤርትራ ኣብ ቅኑዕ ጐደና ትምርሽ ኣላ፤ ህዝቢ ጽቡቕ ኣሎ፤ ከፊእዎ ዘሎ መንግስቲ ኢህወደግ፤ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ድማ ይዘርየና ኣሎ ዝብል መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ዝሃቀነ ፕሮፓጋንዳዊ ሃልኪ ኢዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ብዛዕባ ዲሞክራስያዊ ስርዓት፡ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት፡ ብዛዕባ ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት፡ ብዛዕባ ቅዋም፡ ብዛዕባ ምርጫታት ትንፍስ ኢሉ ኣይተዛረበን። ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሽግር ብወድዕነት ኣብ ክንዲ ዝግምግምን መፍትሒታቱ ዝእምትን፤ ነቲ ሽግር ዝፈጠሩ ናይ ግዳም ሓይልታት ኢዮም ኣብ ዝብል ባላ ክንጥልጠል ኢዩ ተራእዩ። ንኣብነት ጠንቂ ናይቲ ኣብ ኤርትራ ዝርአ ዘሎ ሕጽረት ናይ ሕብስቲ፡ ሓርጭ፡ ነዳዲ፡ ኣባይቲ፡ ሽኮር፡ ቡን ...ወዘተ ክግለጽ እንከሎ፥ ብቐዳምነት ኤርትራ ናጻ ካብ ትኸውን ብዙሕ ኣይኮነን፡ 10 ዓመታት ጥራሕ ኢዩ ኰይኑ። ኣብ ርእሲኡ ወያነ ኣብ መንገሆ ዝፈጸሞ ክትራን ጽልዋኡ ቀሊል ኣይነበረን ኢሉ። ኣስዒቡ፡ ህድማ ናይ መንእሰያት ኤርትራ ውን ጠንቁ ወያነን መጋብርያታቱን ኢዮም ክብል ተሰሚዑ። ጽንሕ ኢሉ ከኣ ህድማ ንቡር ምዃኑ ንምርዳእ፡ ኣብ ግዜ ውግእ ቬትናም 140,000 ኣመሪካውያን ናብ ካናዳ ከምዝሃደሙ ሓቢሩ። ነቶም ዝሃደሙ ድማ፡ ብጥልመትን ብናይ ሓርበኛዊ ስምዒታት ምጕዳልን ከሲስዎም።

እቲ ቀንዲ መደርኡ፡ ወያነ ፈጺምዎም ዝብሎ ስትራተጂካዊ ጌጋታት ኣብ ምዝርዛር ዘትኮረ ኢዩ ነይሩ። እቶም ዓበይቲ ስትራተጂካዊ ጌጋታት ኢሉ ዝጠቐሶም ነጥብታት ድማ እዞም ዝስዕቡ ነበሩ።

ወያነ፡ ደቂቅ ፍሩይ ክኸውን ምፍታኑ፡ ማለት ህዝቢ ትግራይ ውሑድ ክነሱ፡ ካብቶም ዓበይቲ ብሄራት ንላዕሊ ኰይኑ ክርአ ምፍታኑን ነቶም ዓበይቲ ብሄራት ኰነ ኢሉ ክኽፋፍሎም ምጽዓሩን።
ወያነ፡ ምስ ኤርትራ ውግእ ምብርዑ።
ወያነ፡ ኣብ ዓቕምታቱ ዘይኮነስ፡ ኣብ ናይ ግዳም ዓቕምታትን ደገፋትን ምምርኳሱ ኢዩ ኢሉ።

ድሕርዚ ኣበሃህላዚ ተሓቢኡ ዘሎ መልእኽቲ፡ ኢሳያስ ውግእ ኣየባርዕን፡ ኤርትራ ኣብ ርእሳ ኢያ እትምርኰስ፡ ናይ ደገ ደገፋት ተጸባዪት ኣይኰነትን ዝብል ኢዩ። ነዚ ንምርጓድ ድማ፡ ነተን ረዲኤት ዝልግሳ ትካላት ብትሪ ክነቕፍ ተሰሚዑ። ናይ ሰብኣውነት ዘይኮነስ ናይ ገዛእ ርእሰን ዋኒን ዘካይዳ፡ ንመኽሰብ ዝሰርሓ፡ ብስም ሃይማኖትን ካልእ ሽፋናትን ናብ ናይ ስለላ ስርሓት ዝዋፈራ፡ ዝሸጣን ዝልውጣን ናይ ንግዲ ትካላትን ኢየን ክብል ገሊጽወን።

ናይ ስርዓት ኢሳያስ ስትራተጂካዊ ጌጋታት ብዙሕ ክነሱ፥ ብጌጋታቱ ክዛረብ ኣይመረጸን። ኢሳያስ ካብ ዝፈጸሞም ስትራተጂካዊ ጌጋታት፥

ኣብ ኤርትራ ናይ ውድባት ሓሸውየ የለን ብዝብል ምስምስ ንዲሞክራስያዊ መስርሕ ምዕ ጋቱ፤ ከምኡ ውን፥ ካብ ርእይቶኡ ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ንዘለዎ ኣካል ብቅንጸላን ማእሰርትን ክፈትሖ ምፍታኑ፤
ወያነ፥ ባዕለይ ዘዕበኽዎ ውድብ ስለዝኾነ፥ ባዕለይ ከልግሶ እኽእል ኢየ፤ ካልኦት ብሄራት ኢትዮጵያ ድማ፥ ኣብ ጐድኒ ወያነ ደው ኣይብሉን ኢዮም ካብ ዝብል ግጉይ ኣረዳድኣ፥ ንባድመ ምውራሩ፤ ካብኡ ዝዕበየ ድማ፥ ዓለም ካብ ባድመ ስሓብ እሞ እቲ ጕዳይ ሕጋዊ መዕለቢ ክግበረሉ እናተባህለ እንከሎ ምሕሳሙ፤
መንግስቲ ግንባር ድሕነት ሱዳን፥ ኣይዲዮሎጂኡ ናብ ሃገረይ ከስፉሕፍሕ ይጽዕር ኣሎ ካብ ዝብል ኣተሓሳስባ ምስ ሱዳን ዝነበረ ናይ ነዊሕ ዘመናት ዝምድናን ዕርክነትን ምብታኹን ናብ ወጥሪ ምእታዉን፤
ምስ የመን ብሰንኪ ዋንነት ዴሴታት ሓኒሽ ውግእ ምብራዑ፤
ባዕሉ ንዘርቀቖን ንዘጽደቖን ቅዋም ክዓግት ምፍታኑን፤ ኣብ ግብሪ ክውዕል ንዝጠለቡ ሰበስልጣን መንግስቲ ነበርን ጋዜጠኛታትን ዓበይቲ ዓድን ምእሳሩ፤
ንሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩ ከእቱ ምህቃኑ፤
ንግድን ኢንዱስትርን ካልእ ቍጠባዊ ንጥፈታት ገቢቱ ንብሕታዊ ረብሓታቱን ብሕታዊ መደባቱን ከውዕሎ ምጽዓሩ፤ ...ወዘተ ክጥቀሱ ይከኣሉ።

ንስእነት ወይ ሕጽረት ናይ እኽሊ፥ ሽኮር፥ ነዳዲ፥ ጸባ፥ ሓርጭ፥ ካልእ ንመነባብሮ ዝምልከት ሃለኽቲ ኣቕሑን ዝምልከት ንዝቐረበሉ ሕቶ፥ ዋላ እኳ ብከፊሉ እንተኣመነሉ፤ እዚ፥ ኣባና ጥራሕ ኣይኮነን፥ ኣብ መላእ ዓለም ዝርአ ዘሎ ናህሪ ናይ ዋጋታት ኢዩ። ከምኡ ውን፥ ስሰዐ ናይ ነጋዶ ዝፈጥሮ ጸገማት ቀሊል ኣይኮነን ብዝብል ምስምስ ኣቃሊሉ ክገልጾ ፈቲኑ። እቲ ሓቂ ግን፥ ባዕሉ ስለዝዛረብ፥ ኢሳያስን ስርዓቱን ክኽወልሉ ዝኽእሉ ሽፋን ክረኽቡ ኣይክእሉን ኢዮም። ሓደ ሲሶ ካብ ህዝብና፥ ካብ መነበሪኡ ተመዛቢሉ፤ ክልተ-ሲሶ ተጸበይቲ ናይ ረዲኤት ዝኾንሉ ፤ ብዓሰርተታት ኣሽሓት መንእሰያት ዝስደድሉ ሃገር፥ ኩነታቱ ጽቡቕ ኣሎ ኢልካ ምዝራብ ንነብሽካ ምትላል እንተዘይኮይኑ ካልእ ትርጉም የብሉን። ኣብ ሱዳን ጥራሕ እኳ እንተሪኢና፥ ናይዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ሃለኽቲ ኣቕሑ ሕጽረት የለን። ነዳዲ፥ ሽኮር፥ ጸባ፥ ወዘተ ብኩፖን ክሸየጥ ኣይተራእየን። ኣብ ርእሲዚ፥ ምስ ኾሉ እናተጻረፍካን እናተራጋሕካን፥ ኤርትራ፥ ኣብ ርእሰ-ምርኩሳ ኢያ ትኣምን፤ ኣብ ረዲኤት ኣይትምርኮስን ኢያ ምባል፥ ዝኾነ ሀሁ ናይ ፖለቲካ ዘይፈልጥ ተራ ሰብ ውን ክውሕጦ ኣይክእልን ኢዩ። ኣብዛ ብረብሓ ከም ሓንቲ ቍሸት እተጠናነገት ዓለም፥ ንበይነይ ኰይነ፥ ካብ ካልኦት ሓገዝ ከይተቐበልኩ፥ ምስ ካልኦት ከይተዛመድኩ ሃገረይ ከልምዕ ኢየ ምባል፥ ንህዝቢ ኣስኪርካ ናብ ገደል ምእታዉ እንተዘይኮይኑ፤ ክንዲ ፍረ ኣድሪ ቶኽውን ሓቅነት ውን የብሉን።

ብዛዕባ ውግእ ምስ ኢትዮጵያ ክዛረብ እንከሎ፥ መንግስቲ ወያነ ኣብ ቅልውላው ስለዘሎ፥ ብተበግሶና ውግእ እኽፍተሉ ምኽንያት የለን። ወያነ ኣድህቦ ናይ ህዝቢ ናብ ውግእ ክጥምዝዝ ኢልና ክንተሓጋገዞ ኣይንኽእልን ክብል ጸኒሑ፤ ምልስ ኢሉ ድማ፥ ንሕና ንሰለስተ ዓመትን ፈረቓን ብትዕግስቲ ተጸቢና ኢና። ትዕግስቲ ድማ ደረት ኣለዎ። ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ውን፥ ልዑላውነቱ ንዝተጋህሰ ሃገር ነብሱ ንምክልኻል ዘፍቅድ ዓ ንቀጻት ኣለዎ ብምባል ምስቲ ቀዳማይ ኣበሃህላኡ ዘይሳነ ናይ ውግእ ተኽእሎ ከምዘሎ ዝሕብር ቃላት ክድርቢ ተሰሚዑ።

እቲ ዝኸፍአን ዘሕዝንን መግለጺኡ ግን፡ ነቲ ብብዝሒ ዝርአ ዘሎ ስደት ናይ መንእሰያት ኤርትራ ንወያነን ንከድዓት ኢሉ ዝገልጾም ተቓወምቱን ንእህጉራዊ ማሕበረሰብን ከሰክም ምፍታኑ ኢዩ። እዚ ሕጂ ዝርአ ዘሎ ስደት ናይ መንእሰያት ብሰንኪቲ ግጉይ ፖለቲካውን ቍጠባውን ዲፕሎማስያውን ማሕበራውን ፖሊሲታት ናይቲ ስርዓት ምዃኑ ብዙሕ መግለጺታትን መብረሂታትን ዝሓተት ጉዳይ ኣይኮነን። ኤርትራ ኣብዚ መዳይዚ እንተዘይትፈሽል ሓደ ንስደት ዝመርጽ ሰብ ኣይምተረኽበን ነይሩ። ኤረ ብኣንጻሩ፡ እቶም ተሰዲዶም ዝጸንሑ ናብ ሃገሮም ምተመልሱ ነይሮም። ነዚ ሕልሚዚ ዘብነነ እምበኣር፡ ናይ ደገ ሓይሊ ወይ ተቓወምቲ ዘይኮኑስ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ባዕሉ ኢዩ። እቲ ዘገርም ከኣ፡ ኢሳያስ፡ ኣብቲ ብኣሃዝ ክዛረበሉ ዘለዎ ጉዳያት ብኣሃዝ ክይተዛረበ፡ ኣብ ህድማታት ናይ መንእሰያት ምስ በጽሐ፡ ኣብ ግዜ ውግእ ቬትናም 140,000 ኣመሪካውያን ናብ ውግእ ኣይኸይድን ኢና ኢሎም ኣብ ካናዳ ዑቑባ ከምዝሓተቱ ብምሕባር፡ ህድማ ንቡር ጉዳይ ኢዩ ክብለና ፈቲኑ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን። ነቶም ዝስደዱ ዘለዉ መንእሰያት ውን ብጥልመት ከሲስዎም። ኣሃዝ ምጥቃስ ግን ኩሉ ግዜ ጠቓሚ ኢዩ። ኢሳያስ፡ በዘን ኣሃዛት እዚኣተን ኣቢሉ፡ ንህዝቢ ከደናግር ኢዩ ፈቲኑ። ኣብዚ ከለዓል ዘለዎ ሕቶ ግን፡ 140,000 ካብ ክንደይ ተቐማጦ ናይ ኣመሪካ፤ ወይ ካብ ክንደይ ዝዕብየቱ ሰራዊት ዝብል ኢዩ። 140,000 ካብ 250,000,000 ህዝቢ ኣመሪካ ማለት 1 ካብ 1786 ሰባት ይሃድም ነይሩ ማለት ኢዩ። ኣብ ኤርትራ እንተመጺና ድማ፡ ብውሑዱ ዝሃደሙ መንእሰያት ኣብ ከባቢ 30,000 እንተደኰይኖም ካብ 3 ሚልዮን ተቐማጢ፡ 1 ካብ 100 ይሃድም ኣሎ ማለት ኢዩ። ስለዚ፡ ካብቲ ናይ ኣመሪካ ህድማ ናይ ኤርትራ ህድማ ይዓቢ ማለት ኢዩ። እዚ ውን፡ ንዕላማታት ናይቲ ውግእን ዓቕምታት ናይ ክልቲኡ ህዝብታትን ኣብ ግምት ከየእቶኻ ኢዩ።

ቅድሚ ክንድዚ ዓመታት ከምዚ ነይርና፡ ሕጂ ከምዚ ኣሎና ዝብል ብኣሃዛት ዝተሰነየ ጭብጥታት ከየቕረብካ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት፡ ጥሜት፡ ዕርቃን ዘይብላ፡ ኤርትራ ክትከውን ኢየ ዝትንበ ምባል፡ ሓሶት ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ኣብ ንቕሓት ናይ ህዝቢ ዘሎካ ንዕቀት ውን ዘንጸባርቕ ኢዩ። ናይ ኤርትራ ሽግር፡ እተረፍዶ ኣብ ትሕቲ እዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት እዝን ሕማቕ ምሕደርኡን፤ ኣብ ትሕቲ ዲሞክራስያዊ ስርዓትን ውሕሉል ምሕደራን ውን፡ ብሓሙሽተ ዓመታት ክሽምታእ ኢዩ ኢሉ ዝጽበ ኤርትራዊ ዘሎ ኣይመስለናን። እንተልዩ ድማ የዋህ ኢዩ ጥራሕ ኢና ክንብል እንኽእል። እቲ ሕቶ ድማ ናይ ጽቡቕ ምምናይን ዘይምምናየን ዘይኮነስ፡ ካብ ክውንነት ዝረሓቐ፡ ተግባራዊ ዘይኮነ ሕልሚ ስለዝኾነ ጥራሕ ኢዩ።

„ï\¥]: {oñ qLDï ¢D} ›mkD÷ ዝነበረ ተቓውሞ፡ ሎሚ፡ መንእሰያት ከህድምን ክጸሉን ከምዝኽእል ገይሩ ምቕራቡ፡ ምምስራት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታትን ክሳዕ ክንደይ ሻቕሎትን ጭንቀትን ይፈጥረሉ ምህላዉ ዘመልክት ጭቡጥ ኣብነት ኢዩ። እዚ፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ዋላ ከም ሰገን ርእሱ ኣብ ሑጻ ክሓብእ እንተፈተነ፤ ክሓብእ ከምዘይክእል ኢዩ ዝሕብር። ስለዝኾነ፡ ጉዳይ ናይ ተቓወምቲ፡ ብኡ ኣቢልካ ድማ ጉዳይ ናይ መስርሕ ዲሞክራሲ ዕቱብን ሓላፍነታውን ኣተሓሕዛ ዝሓትት ደኣምበር፤ ብየለዉን ብከድዓት ኢዮም ዝብሉ ሓሶትን ጸለመታትን ዝሕለፍ ኣይኮነን።

ኣብ መደምደምታ፡ ፍሽለትካ ንኻልኦት ምስካም፡ ናይ ካልኦት ጉድለታት ምጽብጻብ፡ ንቕድሚት ዘሰጉም ከምዘይኮነ ምግንዛብ የድሊ። ናትካ ገዲፍካ ብእንዳማትካ ምዝራብ፡ ዝገደፍኩለን የብለይን ኣስሚዐየን እኺየ ካብ ምባል ሓሊፉ፡ ንውሽጣዊ ሽግራትካ ከቃልለልካ፡ ካብ ሕማምካ ክፍውሰካ፡ ተሰማዕነትን ክብረትን ክህበካ ፈጺሙ ኣይክእልን ኢዩ። ስለዚ፡ ኤርትራውያን ብቐዳምነት ብሽግራትና ክንዛረብ ክንክእል ኣሎና። ካልኦት ውን ከምኡ ሽግራቶም ከቐድሙ ይግብኦም። ናትካ ምስ ገበርካ ጥራሕ ኢኻ ብዛዕባ ካልኦት ክትዛረብን ንኻልኦት ክትነቅፍ ወይ ክትመክርን ክትሕግዝን እትኽእል።

# ሕብረተሰብ ዓለም'ውን ከይዕሸው

ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ብዛዕባ ኤርትራ ዝውረ ዘሎ ወረታት ብዙሕን ዘሻቕል ምዃኑ ንኩላትና ንጹር እዩ። ምናልባት ብዙሓት ሰባት ካብ ቀደሙ እንተኾነስ እንታይ ብዛዕባ ኤርትራ ዝውረን ዝበሃልን ጽቡቕ ነገር ኣሎ ብዝብል ነዚ ምዕባለተታ'ዚ ቆላሕታ ኣይህብዎን ይኾኑ። ብርኢቶና ግና ካብ ግናይ እውን ዝያዳ ግናይ ስለ ዘሎስ እዚ ናይ ለንቅነ ወረታት ሃገርና ዝያዳ ኩሉ ግዜ ድቃስ ዝኸልእ ተረኽቦታት እዩ ዝብል እምንቶ ኣለና። ብርግጽ፡ መንቀሊ ዕላማና፡ በዚ ኦርእስቲ'ዚ ኣቢልና ንኩሉ ናይ ለንቅነ ናይ ኤርትራ ምዕባለታት ምዝርዛር ኣይኮነን። እንተኾነ ግን፡ ብዛዕባ ገለገለ ጕዳያት ጥቕስ ኣቢልካ ምሕላፍ፤ ብዛዕባ ገለ ካልእ ጕዳያት ድማ፡ ሰፍሕ ዝበለ ዝርዝር ምቕራብ ዝከኣል ይመስለና።

ስርዓት ህግዲፍ ከም መቐጸልታ ናይቲ ገታርን ትዕቢተኛን ናይ ወጻኢ ፖሊሲኡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ዓቃብ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝጀመሮን ንስምምዕ ኣልጀርስ ዝጻረርን እገዳታት፡ ነቲ ቀደም እውን ንጹል ዝነበረ ዲፕሎማሲያዊ ሃለዋት ኤርትራ ናብ ዝገደደ ተነጽሎ ብዝወሰድ መልክዑ፡ ምስ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ብሓፈሻ፡ ምስ ዋና ጸሓፊ ቤት ምኽሪ ሚስተር ኮፊ ኣናን ድማ ብፍላይ ፈጺሙ ዲፕሎማሲያዊ ላዛን ቃናን ኣብ ዘየብሉ ህልኽን ባእስን ቆይቀኑን ክኣቱ ተኸታቲሊና። እዚ ተርእዮ እዚ፡ ንኮፊ ኣናንን ኣብ ከባቢኦም ንዘለዉ ወገናትን ከም ሓድሽ ተረኽቦ ኮይኑ ከም ዘስደመሞም ካብቲ ዘውጽእዎ ዘለዉ መግለጽታት ምርዳእ ይከኣል። እንተኾነ እዞም ወገናት እዚኣቶም ነቲ ቅድሚ ሕጂ ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ እዚ ሕጂ ዝኹንንዎ ዘለዉ ኢደ-ወነናዊ ስርዓት ዲሞክራሲያውን ሰብኣውን መሰሉ ይግፈፍ ኣሎ ተባሂሉ ዝቐርበሎም ዝነበረ ጥርዓናት ዋጋ ክህብዎ ኣይተራእዩን። ሕጂ ግና ኣብ ርእሶም ምስ በጽሐ ዘንጸራረዎም ይመስሉ። ንዓና ንኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ ንደምበ ተቓውሞ ድማ ብፍላይ ግን፡ እዚ ተርእዮዚ ሓድሽ ኣይኮነናን። ምኽንይቱ፡ እዚ ኣብ ናይ ወጻኢ ፖሊሲኡ ዝርአ ዘሎ ኣዕናዊ ተግባራት፡ ብህዝቢ ኤርትራ ዝጀመረ እምበር፥ ብደገ ኣቢሉ ናብ ኤርትራ ዝኣተወ ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ንነዊሕ ዓመታት ግዳይ ናይዚ ጠገለ ዘየብሉ ፖሊሲ ኢዩ ኰይኑ ጸኒሑ።

ምስ'ዚ ብዝተተሓሓዘ፡ ሕጂ'ውን መንግስቲ ኤርትራ ካብ ዝሓለፈ ተመኩሮኡ ከይተማህረን፤ በቲ ዘህለቐ ህይወት መንእሰያት ከይተጣዕሰን፤ ናብ ዳግማይ ውግእ ከይኣቱ የስግእ ኣሎ። ልክዕ ኢዩ መንግስቲ ህግዲፍ ናብ ውግእ ዘእቱ ዓቕሚ እኳ እንተዘይብሉ፡ ውግእ ከም መፍትሒ ግርጭት ኣይመርጽን ኢዩ ክበሃል ግን ኣይከልን ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ዲክታቶርያውን ንዝናኦምን ንስልጣኖምን ክብሉ ዘይገብርዎ ነገር ከምዘየለ ዘረጋግጽ ሃብታም ተመኩሮ ስለዘሎና ኢዩ። ኣብዚ እዋንዚ ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ዝውሕዝ ዘሎ ቊጽሪ ናይ መንእሰያት ስደተኛታት ምውሳኹ ጭቡጥ መርኣያ ናይቲ ኣብ ህዝብን ተፈጢሩ ዘሎ ሻቕሎት ኢዩ። መንግስቲ ህግዲፍ ከም ኣመሉ፡ ነቲ ናይ ውግእ ምጽሕታር ሓደገኛ ባህርያቱ፡ ህዝባዊ ደገፍ ከምዘለዎ ንምምሳል፡ ኣብ ሓድሕደ ሃገራት ኣውሮጳ ባዕሉ ዘዋፈሮን ዝጐስጐሶን ሰላማዊ ሰልፍታት ክውድብ ይርአ ኣሎ። ብርእይቶና፡ ኤርትራውያን ሎሚ ከካይድዎ ዝግባእ ሰልፊ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘቃልዕን ንሕብረተሰብ ዓለም ተጽዕኖኡ ኣንጻር እቲ ስርዓት ከሕይል ዝጠልብን ደኣምበር፡ ነቲ ስርዓት ዘሻድን ክኸውን ኣይግባእን።

በዚ ኣጋጣሚ ድማ ነቶም ሓንሳብ ብደረጃ ደምበ ተቓውሞ፡ ሓንሳብ ድማ ብደረጃ ሲቪካዊ ማሕበራት መደባት እናሰርዑ ኣንጻር'ዚ በላዕ ሰብ ዝኾነ ስርዓት ህግዲፍ ሰላማዊ ሰልፍታት ዝገብሩ ዘለው

ኤርትራውያን ወገናት ንንእድን ነመጒስን። ሕብረተሰብ ዓለም ድማ ምስቲ ስርዓት ህግዲፍ ናይ ውግእ ጽምኣቱ ንምርዋይን ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕን ቢሉ ዝውድቦ ዘሎ ሰልፍታት ዘይኮነስ፤ ምስቲ ውጹዓት ኤርትራውያን ሰላምን ፍትሕን ዲሞክራስን ንምርግጋጽን፤ ንተግባራት ህግዲፍ ንምቅላዕን ዘካይድዎ ዘለዉ ሰላማዊ ሰልፍታት ደው ክብሉ፣ ብስም ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን መጸዋዕታና ነቕርብ። ከምኡ ውን፣ ነቶም ሎሚ እውን ዓይኖም ጨፊኖም ዘየለ ናይ ህግዲፍ ጽቡቕ ነገር ዝሰብኩን፤ ብጉልባብ ልኡላውነት ኤርትራ ንቐጻልነት ህግዲፍን ጭቆናኡን ዝስለፉን ዝጽልዩን ኤርትራውያን ደሓር ካብ ምጠዓስ ሎሚ ኣእዳዎም ክእክቡ ንምሕጸኖም።

ልክዕ እዩ ውግእ ኣዕናዊ ስለ ዝኾነን ዝያዳ ኩሉ ድማ ንሕና ኤርትራውያን ብውግእ ዝተሃሰና ምኧና ስለ እንርዳእን ደኣ ኢን ኣቐዲምና ብዛዕባ ውግእ ተዛሪብና እምበር፥ ጸገማት ህዝብናስ እዚ ጥራይ ኣይኮነን። ህዝብና፣ ካብ ውግእ ብዘይፍለ ንናይ ጥሜት ሓደጋ ተቓሊዑ ምህላዉ ውን ስውር ኣይኮነን። ክልተ ሲሶ ዝኸውን ክፋል ናይ ህዝብና ካብ ኢድ ሰብ ዝጽበ ምኧኑ ውን ተደጋጊሙ ተዘሪ- በሉ ኢዩ። መንግስቲ ህግዲፍ ግን፣ ብዛዕባዚ ጉዳይዚ ብዝምልከት፣ ቅድሚ ናይ ህዝቢ ህይወት ምድሓን፤ ናቱ ካዝና ምምላእ ስለዘገድሶ፣ ንህዝቢ ተባሂሉ ብሰብኣዊ ማሕበራት እተለገሰ ረዲኤት ቀረጽ ክኽፈሎ ኣለዎ ዝብል ዕንቅፋት ስለዝፈጠረ፣ ብሰርዚ ምድንጓያትዚ ዝጠፍእ ኤርትራዊ ህይወት ከምዘሎ ውን ክዝንጋዕ ኣይግበኦን እዩ።

ድሕሪ እዚ እውን እቲ ስርዓት፣ ነቲ ብስም ህዝቢ ዝተለገሰ ሓገዝ ጠውዩ ናብ ካዝንኡን ናብ ፖለቲካዊ ዕላማታቱን ዘውዕ ለሉ ተንኮላት ክምህዝ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ካብቲ ብረዲኤት ክናበር ዝጸንሐ ህዝቢ 90% ንዝኸውን፣ ሓገዝ ዝኽልክል ሓድሽ መምርሒ ኣውጺኡ እንሆ። ነዚ መምርሒ'ዚ ከምስል ዝሃበሉ ምኽንያት ድማ ኣብ ኤርትራ ብደረጃ ፕሮግራም መግቢ ንስራሕ እምበር፣ ብነጻ ዝወሃብ ሓገዝ የለን ዝብል እዩ። ከም ኣመሉ ድማ፣ ምቕባል ሓገዝ መስነፊ'ዩ ዝብል ብሂል እውን ወሲኹሉ። ብዙሓት በዚ ምህዞ'ዚ ዘይዓገቡ ለገስቲ ረዲኤት፣ ቀዳማይ ዕላማ ህይወት ምድሓን ኢዩ ክኸውን ዘለዎ፤ ብድሕርዚ ድማ ንልምዓት ዝውዕል ሓገዝ ክስዕብ ይኽእል፤ ከምኡ ውን፣ መንግስቲ ኣብዚ እዋንዚ፣ ዝተለሞን ዘጽንዮን ናይ ልምዓት መደባት የብሉን ዝብል ርእይቶ እኳ እንተቕረቡ፣ ሰማዒ እዝኒ ግን ኣይረኸቡን። እዚ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ሱቕ መርገጽ፣ ምስ ሕሉፍ ተመኩሮታቱ ኣዛሚድካ፣ ክልተ ተንኮለኛ ዕላማታት ከምዘለዎ ንምርዳእ ዘጸግም ኣይኮነን።

1. ነቲ ዝወሃብ ረዲኤት ኣብ ክንዲ ነቲ ጽጉም ምሃብ፣ ከም ፖለቲካዊ መሳርሒ እናተጠቐምካ ንደገፍቲ ናይቲ መንግስትን ንቤተሰብ ላዕለዎት ሓለፍትን ምዕዳል ኢዩ። ካብኡ ሓሊፉ ናይቲ መንግስቲ ርኢቶ ኣይቅበሉን ኢዮም ተባሂሎም ንዝጥርጠሩን፤ ከምኡ ውን፣ በቲ ህግዲፍ ዝደልዮ ቅልጣፈን መንገድን ንደቆም ናብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዘየረከቡን ድማ ረዲኤት ከምዘይረኽቡ ንምግባር እዩ።

2. ቅድሚ ሕጂ'ውን ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ከም ዝተራእዩ ካብቲ ንጽጉማት ዝመጽእ ረዲኤት፣ መሸፈኒ ዝኸውን ቅሩብ ቍራቦ ንሲቪል ሂብካ፣ ዝተረፈ ግዙፍ እጃም ኣብ ኣገልግሎት ናይ ሰራዊት ምውዓል ኢዩ። እዚ ምናልባት'ዚ ብናይ ወጻኢ ማዕከናት ከይተረፈ እውን ተተንቢዩ እዩ።

ስለዚ፣ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ኣብ ረዲኤታዊ መዳይ ኣንጻሩ ዝእለም ዘሎ ተንኮል'ዚ ክፈልጦን ክከታተሎን፤ ሕብረተሰብ ዓለም እውን፣ ብስርዓት ህግዲፍ ከይተዓሸወ፣ ነቲ ጽጉም ህዝብና ዝህቦ ሓገዝ፣ ናብቲ ተጠቃማይ ዝበጽሓሉ ግቡእ ቍጽጽር እናገበረ፣ ክቕጽሎ ይግባእ።

# ካብ ረብሓ ህዝቢ ዝተፈለየ ረብሓ የብልካን'ሞ ምስ ህዝብኻ ተሰለፍ

ሎሚ፡ ብሰንኪ ጸረ-ህዝቢ ዝኾነ ስርዓት ህግዲፍ ህዝብና ሃገርናን ዘሕልፍዎ ዘለዉ ሕሰምን መከራን ኵላትና ንፈልጦ ኢና። ምፍላጥ ጥራይ ዘይኮነስ ህዝብና ክደምን ክጽገምን እንከሎ፡ ኩልና ሓቢርና ከምእንደምን ከም እንሓዝንን እውን ዘካትዕ ኣይኮነን። እዚ ክበሃል እንከሎ ግን፡ ኤርትራውያን ብመሰረት ናብቲ መንግስቲ ዘለና ቅርበትን፡ ብዝሓዝናዮ ሓላፍነትን፡ ብዛዕባቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ስርዓት ዘለና ኣፍልጦን፤ ከምኡ ውን ነቲ ወጽዓ ኣብ ምቕያር ዘለና ወሳንነትን ብደረጃታት ከም ዝፈላለ ርዱእ እዩ። ኣብዚ ሓረስቶት፡ ሰራሕተኛታት፡ ተመሃሮን ምሁራትን ኣብ ዝተፈላለየ ካልእ ክፍሊ ስርሓት ዝተዋፈሩን ኣካል ሕብረተሰብናን ዕድመ ናይ'ቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ምሕጻርን ምንዋሕን ነናታቶም ጽልዋን ተጽዕኖን ከም ዘለዎም ርዱእ ኮይኑ፤ ናይዚ ናይ ሎሚ መዛረቢ ኣርእስትና ኰይኑ ዘሎ ሰራዊት ኤርትራ እጃም ውን ብቐሊሉ ዝርአ ኣይኰነን። ምኽንያቱ ከኣ፡ እቲ ስርዓት ዝምርኰሰሉ ቀንዲ ሓይሊ፡ ሰራዊትን ዝተፈላለዩ ናይ ጸጥታን ስለላን ትካላት ስለዝኾኑ እዮም።

ስርዓት ህግዲፍ፡ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ክብል፡ በዚ ሓይሊዚ ኣቢሉ፡ ኣብ ልዕሊ ሓያሎይ ኤርትራውያን ግፍዕታት ክፍጽም ከም ዝጸንሐ ካልእስ ይትረፍ እቲ ሰራዊት እውን ኣሉ ዘይብሎ ጕዳይ ስለዝኾነ፡ ኵሉቲ እተፈጸመ ግፍዕታት ብዝርዝር ምቕራብ ኣድላዪ ኰይኑ ኣይስምዓናን። ንመዘኻኸሪ ዝኣክል እንተተደልየ ግን፡ ናይ ማይሓባር፡ ናይ ዓዲ ኣበይቶን ናይ ዊዓን ጃምላዊ ቅትለት ምዝካር ይከኣል። ልቢ ህዝብና ክደሚ እንከሎ፡ ናይዚ ብረት ዝዓ ጠቕ ሰራዊት ልቢ'ውን ሓቢሩ ክደሚ ባህሪያዊ እዩ ዝብል እምንቶ እኳ

እንተሎና፥ ብዛዕባ ከምዚኦም ዝዓይነቶም ህልቂታት ክለዓል እንከሎ፡ ሰራዊት ኤርትራ ከይተላዕለን ከይተሓምየን ክሕለፍ ዘይከኣል ምዃኑ ኩላትና እንሰማምዓሉ ጉዳይ እዩ በሃልቲ ኢና።

ሰራዊት ኤርትራ፡ ከም ኩሉ ናይ ካልኦት ሃገራት ሰራዊት፡ ካብ ህዝቡ ዝተፈለየ ረብሓን ህላወን የብሉን። ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ረብሓ ካልኦት ጭቁናት ኣህዛብ ድማ፡ ኣብ ሰላምን ማዕርነትን ልምዓትን ደኣምበር፤ ኣብ ውግእን ምልክን ድኽነትን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ኣይኰነን ዝርከብ። እዚ ካብ ድሌቱ ወጻኢ ተገዲዱ ተሰሊፉ ኣብ ዘይኣምነሉ ውግኣት እናተነቖተ ህይወቱ ዘጥፍእን ኣካሉ ዝጐድልን ዘሎን፤ ኣብቲ ብመጠኑ ሰላም ተረኺቡ ዝብሃለሉ እዋን ከኣ፡ ወለዱን ስድራቤቱን ብጥሙያቶም፡ ናይ ጀነራላት ግራውቲ ክሓርስን ክኹስኩስን ወይ ድማ ብጉልባብ ሃገራዊ ህንጻት ናይ ጀነራላትን ቤተሰቦምን ገዛውቲ ክሃንጽን ዝውዕል ሰራዊት ክንዲ ፍረ ኣድሪ ቸኸውን ረብሓ ከምዘይብሉ ዘመልክት እኹል ምስክርነት እዩ።

ስለዚ፡ ሰራዊት ኤርትራ፡ ብረቱ ኣንጻር እቶም ዝምዝምዝዎን ዘሳቕይዎን ዘለዉ መራሕቱ ደኣምበር፥ ኣንጻር ህዝብን ኣንጻርቶም ንመሰሉን ክብሩን ዝተቓለሱን ዝቃለሱ ዘለዉን ንጹሃት ዜጋታት ኣይኰነን ከቕንዮ ዘለዎ። ንህዝቢ ናጽነት ከምጽኣልካ ኢየ ኢልካ ንበረኻ ወጺእካስ፤ ተመሊስካ ብረትካ ኣንጻር ህዝቢ ምቕናዕ ንምእማኑ እውን ዘጸግም ተግባር ኢዩ። ዋርሳይ ውን፡ ቅድሚኻ ዝጸንሐ ወለዶ ዝኸፈሎ መስዋእቲ፡ ንሸኻ ብሰላምን ብራህዋን ክትነብር ምዃኑ ተገንዚብካ፡ ንሸኻ ውን ንድሕሬኻ ዘሎ ወለዶ ጥጡሕ ባይታ ክትፈጥር ሓላፍነትካ ምዃኑ ክትፈልጥ ይግባእ። ካብዚ ሓሊፉ ግን፡ ጸረ ህዝቢ ዝፍጸም ግፍዕታት ብመን ይፍጸም ብዘየገድስ ጣዕሳኡ ዘይወጽእን ብገበን ዘሕትትን ተግባር ምዃኑ ክዝንጋዕ

የብሉን።

ስርዓት ህግዲፍ፡ ኣንጻር ተቓወምቱን ኣንጻር ጕረባብቱን ኣንጻር ኣህጕራዊ ማሕበረሰብን ከዋፍሮ ዝጸንሖን ጌና ውን ዘዋፍሮ ዘሎ ጸለመታት ካብ ግላዊ ናይ ስልጣን ሕሳባቱ ደኣምበር፤ ንህዝቢ ካብ ዘለዎ ሓልዮትን ፍቕርን ተኣማንነትን ዝነቅል ከምዘይኮነ ክንርዳእ እዋኑ ኣኺሉ ኢዩ። ስለዚ ከኣ እዮም፡ ብዙሓት ሰበ-ስልጣን ነበር፡ ነቲ ስርዓት ራሕሪሖም ኣብ ደምበ ተቓውሞ ክስለፉ ወይ ኢዶም እግሮም ኣኪቦም ኣብ ስደት ብሰላም ክነብሩ ዝርኣዩ ዘለዉ። ከምኡ ውን፡ ትማሊ ኣብ ሰራዊት ዝነበሩ መንእሰያት፡ ንመንነትን ዝንቡዕን ተጋላባጣን ፖለቲካ ናይቲ ስርዓት ስለእተረድኡ ኢዮም ጠንጢኖምዎ ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ዝውሕዙ ዘለዉ።

ብርኢቶና እዚ ንስርዓት ህግዲፍ እናራሕራሕካ ምህዳም ነቲ ስርዓት ዘሕድረሉ ስግኣትን ስንባደን'ኳ እንተሃለወ፡ እቲ መሰረታዊ መፍትሒ ግን ንሱ ኣይኮነን። እቲ መሰረታዊ መፍትሒ፡ ነቲ ስርዓት ኣንበርኪኽካ ናይ ህዝብን ናይ ሕግን ልዕልና ከም ዝቕበል ምግባር እዩ። እቲ ቀንዲ ናይ ምግዳድ ሓይልን መሳርሕን ዘለዎ ክፍሊ ሕብረተሰብ ድማ እዚ ብዛዕባኡ ንዛረበሉ ዘለና ሰራዊት እዩ። እዚ ሰራዊት እዚ ናይቲ ከም ሽምዓ እናመኸኸ ነጻነት ኤርትራ ዘረጋገጸ ህዝብን ተጋዳላይን ሕድሪ ዝተሰከመ ምዃኑ ተረዲኡ ማዕረ ተነቢርሉ ዘሎ ሓላፍነት ክኸውን ትጽቢት ይግበረሉ ከምዘሎ ክርዳእ ይግባእ።

ስለዚ ኢዩ ድማ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ዘቃንዖ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ፡ "...ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣብ መጻኢ ኣካል ናይቲ ንሉኣላውነት ሃገር ዝዕቅብ ሃገራዊ ሰራዊት ኰይኑ ተራኡ ኪቕጽል ኪዳን ይቕበል..." ዝብል ውሳኔ ዘመሓላለፈ። እዚ ውሳነ እዚ ብሓደ ሸነኽ፡ ደምበ ተቓውሞ ንኣባላት ምክልኻል ሰራዊት ኤርትራ ካብቲ ስርዓት ፈልዩ ከምዝርእዮምን፥ ናይ ህዝቢ ወገን ምዃኖም ከምዝፈልጦምን ዘመልክት ክኸውን እንከሎ፡ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ሰራዊት ኤርትራ ባህርያዊ ቦታኡ ፈሊጡ ኣንጻር እቶም ንህዝቢ ዘበሳብሱን ዘህልቁን ዘለዉ መራሕቱ ብትሪ ደው ክብል ስለዝጽበዮን እዩ።

ሰራዊት ኤርትራ፡ ካብ ህዝቡ ዝተፈልየ ረብሓ ስለዘይብሉ፡ ኣብ ጐድኒ ህዝቡ ደው ኢሉ፤ "እምቢ ንውግእ፡ እወ ንሰላም" ዝብል ጭርሖ ኣልዒሉ፡ ንህዝቡ ካብ ዳግማይ ህልቂትን ብርሰትን ስደትን ከድሕኖን፤ ዶባዊ ወጥርታት ይኹኑ ውሽጣዊ ግርጭታት ብሰላም ክፍትሑ ጸቕጥታት ክገብርን ምስዝብገስ ጥራሕ ኢዩ ነቲ ብጓህን ሓዘንን ሓቢጡ ዘሎ ልቢ ክረሳርስ ዝኽእል።

## እንካ ንዘይብል ሃባ መን ኣፍለጠ

ኣብዚ ቀረባ መዓልታት መንግስቲ ህግዲፍ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ቤት ምኽሪ ጸጥታ፡ ምስቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ናይ ዶብ ጸገም ብዝተተሓሓዘ ፍትሒ ከም ዘጉደሉ ብምጥቃስ ተደጋጋሚ ጥርዓናት ከቕርብ ተዓዚብና። መብዛሕትኡ እቲ ጥርዓናት ናይ ጠራዊ ላዛ ዘየብሉ ኣብ ናይ ሰባት ዘለፋን ምንእኣስን ዝተመስረተ ምዃኑ እውን ተረዲእና። ኣብዚ ፍትሒ ጐዲሉኒ ዝብል ምሕጽንታ ኣየቕርብ ማለትና ኣይኮነን። እንተኾነ እቲ ዘቕርቦ ምሕጽንታ ከድምዕን ሰማዒ ክረክብን መንቀሊኡ ክዉን ነገር ምዃኑ ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ደረጅኡ ዝሓለወ፡ ናብ መን ይቐርብ ከም ዘሎ ኣብ ግምት ዘእተወን ሰማዒ ክረክብ እዩ ዝብል ትስፍው ሕልና ዝደረኾን ክኸውን ይግባእ። ዝያዳ ኩሉ ድማ ከምቲ ንሽኻ ክሕለወልካ እትደልዮ ክብርን መሰልን ናይቶም ጥርዓን እተቕርበሎም ክብርን መሰልን እውን ክተኽብር ናይ ግድነት እዩ። ካብኡ ሓሊፉ ከምዚ ናይ ስርዓት ህግዲፍ ደረጃኡ ዘይሓለወን ሳዕቤናት ኣብ ግምት ዘየእተወን ስልዕ-ድርብይ ዝዓይነቱ ምሕጽንታ

ዘየድምዕ ኣብ ልዕሊ ምዃኑ ኣሉታዊ ግብረ መልሲ እውን ይዕድም እዩ።

ኩልና ከም እንፈልጦ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዲክታተር ሕግን ሕጋውነት ዘይቕበል መንግስቲ እዩ። ስርዓት ኣስመራ ናቱ ርኢቶ ብሓይሊ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ጽዒኑ ንዕኡ ብዝዋዕሞ ከፈጽም ዝደሊ እምበር፣ ናይ ህዝቢ ኮነ ናይ ማሕበረሰብ ዓለም ርእይቶ ኣብ ግምት ከእቱ ዘይደሊ ደረቕኛን ምኩሕን እዩ። እቲ ስርዓት ይኹን፣ ባዕሉ ዘውጽኦ ሕግታት እውን ሓዊስካ፣ ንናቱ ጉጅላዊ ረብሓ ዘየገልግሎ እንተኾይኑ ዊን ኣብ ዝበሎ እዋን እናፍረሰ ዝኸይድ ቀይዲ በተኽ ስርዓት እዩ። ዝያዳ ኩሉ ድማ ዓለም ለኻዊ ተቐባልነት ዘለዎም ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን ስምምዓትን ቻርተራትን ከይገደሶ፣ ነቲ ህዝበይ እዩ ዝብሎ እሞ ብናቱ ጉልበት ንብረትን ደምን ኣብ ስልጣን ዝተወጥሐ ሓፋሽ ከም ድላዩ ይኣስሮ፣ ይቐትሎ፣ ይስውሮ፣ ናይ እምነት ምንቅስቓስ መሰላት ይግድቦ፣ ካብ ድሌቱ ወጻኢ ኣብ ግዱድ ውግእ የእትዎ፣ ካብ ኩሉ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ የግልሎ፣ ጕልበቱ ብዘይ ደሞዝ ይምዝምዞ፣ ኣረ ንሓንሳብስ ብማሕበረሰብ ዓለም ንዝተለገሰሉ ረዲኤታዊ ሓገዝ'ውን ይምንዝዖ።

ዋላኳ ክንድቲ ክኸውን ዝግበኦ ዝነበሮ እንተዘይኮነ፣ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዘይተኣደነ በደልን ወጽዓን ዝተኸታተሉ እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ዓለም ለኻዊ ትካላትን ዓበይቲ መንግስታትን፣ እዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ካብ ግፍዓዊ ኣሰራርሓ ተኣዲቡ ናይ ዜጋታቱ ኩሉ-መዳያዊ መሰላት ከኽብርን ናይ ሕጋዊ ኣሰራርሓ ግዙእ ክኸውንን ተደጋጋሚ ምሕጽንታ ከቕርብሉ ጸኒሖም እዮም። እንተኾነ ነዚም ኣካላት እዚኣቶም እውን በቲ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ኮነ ኣብቶም ምእንቲ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ዝቃለሱ ዘለው ተቓወምቲ ሓይልታት ዝለመዶ ላዛ ዘየብሉ ኣቀራርባኡ ንምሕጽንታኦም ዋጋ ኣይሃቦን። ዋጋ ኣይሃቦን ጥራይ ዘይኮነ ዓ ገብ ስለ ዝበሉ ዝተዘለፉን ዝተዋረዱን ፍሉጣት ትካላትን ባእታታትን ውሑዳት ኣይኮኑን። ሕብረት ኣፍሪቃን ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ገለ ካብቶም ግዳይ ዘለፋ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣህጉራዊ ትካላት እዮም።

ኣብዚ ግን፣ ማሕበረሰብ ዓለም እውን ናይቲ ስርዓት ግናይን ጸዋግን ባህሪ ክርዳእ ዝጀመረ ኣብ ርእሱ ምስ በጽሖ እምበር፤ ንኣውያት ምሕጽንታን ህዝብን ተቓወምቲ ውድባትን ኤርትራ ዝሃቦ ቆላሕታ ኣዝዩ ትሑት ወይ ከኣ ዳርጋ ኣይነበረን ክበሃል ይከኣል። ብዓንተቦ ዓገብ ዘይምባል ነቲ ስርዓት ከም ዘሻደኖን ነቲ ኣብ ሃገርና ዝጀመሮ ስድነትን ዕብዳንን ናብ ደገ እውን ከውጽኦ ከም ዝደረኾን ዝከሓድ ኣይኮነን። ሓደሓደ መንግስታት ነዚ ዲክታቶር ገበኑ እናሓብኡ መጻኢ ተስፋ ዘለዎ መራሒ ክብለኦ ጀሚረን ምንባረን ድማ ዝዝከር እዩ። ካልእ ክጥቀስ ዝግብኦ ጉዳይ፣ ነቲ ስርዓት ኣብ ክንዲ ዝኾነ ኢጋጣሚ እናተጠቐምካ ጌጋኡ ከተረድኦ ትፍትን፣ መን ኣሎ ከማኻ፣ እዛ ሃገር ንዓኻ ምስ ወለደት ካልኣይ ኣይደገመትን ብዝዓይነቱ ምርስሳንን ናይ ቅብጥሮት ኣስማት ብምሃብን፣ ናብ ገደል ዝመርሕዎ ኤርትራውያን ነይሮም እዮም። ሕጂ እውን ብኣዝዩ ዝተዳኸመ ደረጃን ዝወሓደ ቁጽርን የለዉን ማለት ኣይኮነን። እዚኣቶም እቶም ንህዝቦም ትሕቲ ዲክታቶር ዝሰርዑ፣ ናይ ህዝቦም ስቓይ ዘየሕምሞም፣ ኢሳያስ ሓንሳብን ንሓዋሩን ብዘይርኤ ናይ ሕልሚ ጸጋ ምስ ዘነቦም፣ ናብ ልቦም ተመሊሶም ንኤርትራን ህዝባን ብክውንነት ክዕዘብዋ ዘይክእሉን፤ ኣብ መንጎ ኢሳያስን ህግዲፉን ከም ገበነኛታትን፣ ኤርትራን ህዝባን ድማ ከም ልኡላውያን ባእታታት ዘሎ ገፊሕ ፍልልይ ክርእዩ ዘይክእሉ ጽጉማት እዮም። እዚኣቶም እቶም ኢሳያስ ክጽግሞ እንከሎ፣ ኣብ ኣፍደገ ቤት ጽሕፈታት ናይቶም ኢሳያስ ጸረ-ሕግን ጸረ-ህዝብን ከም ዝኾነ ካብ ዝፈልጡ ነዊሕ ግዜ ዘሕለፉ መራሕቲ ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ከይዶም ዘየለ ናይ ኢሳያስ ጽቡቕ ነገር ብደረጃ ሰላማዊ ሰልፊ ክሰብኩ ዝፍትኑ ግኑዛት እዮም። ኣብ ዓ ዶም ሓሳቦም ከይገለጹ መሰሎም

እተነፍጎም ሰባት፣ ኣብ ዓደማቶም ኲይኖም፣ ነቲ መሰሎም ዝረገጸ ዲክታቶር ክከላኸሉ ክግዕሩን ክደኸሙን ምርኣይ ዘስደምም ኢዩ።

ስርዓት ህግዲፍ ንሓንሳብ ናብ ቤት ምኽሪ ጸጥታ፥ ንሓንሳብ ድማ ናብ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክጽሕፎ ዝቐነየ ደብዳበታት፣ ትሕዝቶኡን ኣቀራርባኡን እዋናውነቱን ብዘየገድስ "...ፍትሒ ጎዲሉና ኣሎ እሞ ፍትሒ ኣኽብሩልና..." ዝብል መልእኽቲ ዘለዎ ይመስለና። ፍትሒ ዝጎደሎ ፍትሒ ይኽበረለይ ኢሉ ክምሕጸን ግቡእ እዩ። ፍትሒ ዘይፈልጥ ፍትሒ ክልምን እንከሎ ግን ዘየምሕረሉ ኣብ ልዕሊ ምዃኑ፥ ምሕጽንትኡ ተቐባልነት ክረክብ ክጽበ ኣይግባእን ኢዩ። ስርዓት ህግዲፍ "..ማሕበረሰብ ዓለም ንጸዋዒት ህዝቢ ኤርትራን ንሉኣላውነት ኤርትራን ሸለለ ኢልዎ..." ዝብል ቃላት መውጽእ ኣፉ ገይርዎ ከምዘሎ ኵሉ ዝፈልጦን ዝከታተሎን ዘሎ ጉዳይ ኢዩ። እንተኾነ ግን፣ ስርዓት ኢሳያስ፣ ቅድሚ ዝኣገረ ንሕጋውን ሰላማውን መፍትሒ ተሓሲሙ ውግእ ዘባርዐን፤ ከም ሳዕቤኑ ድማ ንልዑላውነት ኤርትራ ናብ ሓደጋ ዘእተወን ንሱ ምዃኑ ክእመን ኣይደልን ኢዩ። እዚ ጥራይ ውን ኣይኮነን፣ ንቃልስታትን ትጽቢታትን ናይ ህዝብና ምእንቲ ናጽነትን ፍትሕን ሰላምን ብልጽግናን ዝጠለመ ውን ንሱ ኢዩ። ማሕበረሰብ ዓለም ሰባት ብዘይ ገበን ከይእሰሩ፣ እንተተኣስሩ ውን መሰል ናይ እሱር ክሕለወሎም፣ ማለት ናብ ፍርዲ ክቐርቡ፣ ጠበቓታት ክግበረሎም፣ ቤተሰቦም ክበጽሕዎም፤ ከምኡ ውን ናጽነት ናይ ፕረስ፣ ናጽነት ናይ ርእይቶኻ ምግላጽ፣ ናጽነት ናይ ምውዳብን ምቕዋምን ...ወዘተ ክህሉ ኣለዎ ክብል እንከሎ፤ ስርዓት ኢሳያስ ግን፣ እዚ ጉዳይና እዩ ነዓኻትኩም ኣይምልከትን እዩ፣ ኣብ ሃገርና ዘሎ ሰላም ኣብ ኣመሪካ የለን፣ ዲሞክራሲ እኮ ፋሽን ኣይኮነን እናበለ የሾካዕልሎም ከምዘይነበረ፤ ሎሚ ኣብ ብርኮም ተደፊኡ ሕጊ ኣኽብሩለይ ክብል ዝስማዕ ዘሎ። ስለዚ፣ እቲ ብዛዕባ ልዑላውነትን ፍትሕን ሕጋውነትን ሰላምን ክዛረብ ሞራላዊ ይኹን ሕጋዊ ብቕዓት ዘይብሉ፣ ስርዓት ህግዲፍ ደኣምበር ኣህጒራዊ ማሕበረሰብ ኣይኰነን።

እዚ ክበሃል እንከሎ ግና ማሕበረሰብ ዓ ለም ምስ ስርዓት ህግዲፍ ተሃላሊኹ ንኤርትራን ህዝባን ካብኡ ክንጽሎም ኣለዎ ማለትና ኣይኮነን። ዋላኳ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ኣብቲ ኣብ ስልጣን ዝሃለወሉ እዋን ነታ ሃገር ዝውክል ምዃኑ እንተዘየጠራጠረ እቲ ዓለምና ኣብ ግምት ኣእትያ ከም ቀንዲ ማእከል ስሕበት ሓልዮት ክትወስዶ ዝግብኣ፣ ነቲ ጽባሕ ብህዝባዊ ሓይሊ ተወጊዱ ብዲሞክራሲያዊ ስርዓት ዝትካእ ህግዲፍ ዘይኮነስ፤ ነቲ ንዘልኣለም ነባሪ ዝኾነ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ እዩ'ሞ ብደረጃ ኣህጒራዊ ማሕበረሰብ እውን እዚ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ።

ስርዓት ህግዲፍ፣ ናይ ህዝቢ ልዕልናን ወሳንነትን ተቐቢሉ፣ ንመገዲ ዲሞክራስን ሰላምን ፍትሕን ሃሰስ ክብል ኣህጒራዊ ማሕበረሰብ ብዅሉ ዓቕምታቱ ጸቕጥታት ክገብረሉ ሓላፍነቱ ኢዩ። ነዚ ኣይቅበልን ኢየ እንተደኣ ኢሉ ግን "እንካ ዘይፈልጥስ ሃባ መን ኣፍለጦ..." ስለዝኾነ፣ እቲ ስርዓት ከልግስ ደኣምበር፣ ብገበናቱ ክምጐስን ክድገፍን ኣይግባእን ኢዩ።

# ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ኩልና ኢድና ንሓውስ

ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ካብ ሕማቕ ናብ ዝበኣሰ ካብ ዝኸይድ ነዊሕ ግዜ ኮይኑ እዩ። ዋላኳ ህዝብና ድሕርቲ ምእንቲ ነጻነት ዘካየዶ ነዊሕን መሪርን ውግእ ዝሓሸ መነባብሮ ከሕልፍ ተስፋን ሃረርታን እንተነበሮ፤ እዚ ተስፋዚ በኒኑ ኢዩ ተሪፉ። ምኽንያቱ፡ እቲ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ዘካየዶ ውግእ ዘውረደሉ ጕድኣት ከይሓወየ፡ ብኻልእ ውግእን ብርሰትን ህልቂትን ኢዩ ተደቢሱ።

ህዝቢ ኤርትራ ንሰላሳ ዓመታት ተዋጊኡ ነጻነቱ ምስ ዓተረ፡ ድሕሪኡ ምናልባት ስንብራት ውግእ ክሳብ ዝሓዊ ንዝተወሰነ ግዜ ክጠሚ፡ ክዓርቕን ክሓምምን እምበር ዳግማይ መሪር ውግእ ከጋጥመኒ'ዩ ዝብል ስግኣትን ግምትን ኣይነበሮን። ነዚ ዝተጠቕሰ ናይ ውግእ ስንብራት ንዝተወሰነ ከጋጥም ዝኽእል ማሕበራዊ ጸገማት ብጻዕ ሩን ብሕብረቱን ኣብ ሓጺር ግዜ መኪቱ ክልውጦ ድማ ዓቢይ ተስፋን ቅሩብነትን ነይርዎ። ዋላ'ኳ ነዚ ከሰላስል ብቑዕን ህዝባውን ምምሕዳር ከም ዘድልዮ ይኣምን እንተነበረ ንሰላሳ ዓመታት ተቓሊሱ ናጽነቱ ዘረጋገጸ ህዝቢ፡ ብቑዕን ሓላይን መንግስቲ ክስእን'የ ዝብል ስግኣት ግን ጠሪሱ ኣይነበሮን። ብተግባር ከም ዝተራእየ ግን፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ዝጨበጠ ስርዓት፡ ካብቲ ባዕዳዊ መንግስቲ ዝኸፍአ መተካእታ ኢዩ ኰይኑ።

ውግእን ሳዕቤናቱን እንታይ ከም ዝመስል፡ ንሕና ኤርትራውያን ንብዙሕ ዓመታት ዝሓለፍናዮ ተመኩሮ ስለዝኾነ፡ መግለጺ ኣየድልየናን ኢዩ። ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ዝግበር ውግእ፡ ዝተኸፍለ ዋጋ እንተተኸፍለ፡ ሓላል ኢዩ ኢልና ክንቅበሎ ይከኣል ኢዩ። ካብኡ ሓሊፉ ግን፡ ኣብ ትርጉም ዘይብሉ ንዝናን ንህልኽን

ንውልቃዊ ስልጣንን ተባሂሉ ዝግበር ውግእ ዝኸፈል መስዋእቲ ግን ኣዝዩ መሪርን፥ ምስቶም ነዚ ጠንቂ ዝኾኑ ኣካላት ክንተሓሳሰብ እንግደደሉን እዩ። ድሕሪ ነጻነት፡ እሞ ብዘይ ድሌትን ኣፍልጦን ህዝቢ ኤርትራን፡ ብሰንኪ ጸቢብ ድሌትን ትምክሕትን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ካብ ዶብ ሱዳን ክሳዕ ዶብ ጅቡቲ እተወልዑ ውግኣት ዝወረደ ኩለመዳያዊ ክሳራን ውርደትን ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኰነን። ምስዚ ሕጂ ኣብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝርአ ዘሎ እዋናዊ ወጥሪ ግን፡ ሓድሓደ ነጥብታት ክንጠቅስ ናይ ግድነት እዩ። እዚ ግርጭትዚ፡ ጠንቂ ናይቲ ዝዓበየ ክፋል ናይቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ወሪዱ ዘሎ ህልቂትን ውርደትን ስቅያት ስለዝኾነን፡ ጌና ውን መዕለቢ ዘይተገብረሉ ሎሚዶ ጽባሕ ይትኮስ እናተባህለ ነህዛብ ክልቲኡ ሃገራትን ነህዛብ ዞናናን ዓለምናን ዘሻቕል ዘሎ ጕዳይ ብዛዕባኡ ክንዛረብ ግድን ኢዩ።

ስርዓት ህግዲፍ ሕጂ እውን ካብ ዝሓለፈ ተመኩሮኡ ኣይተማህረን። ነቲ ኤርትራውያን በበቲ ዝጥዕሞም መንገዲ ውግእ ምርጫኦም ከምዘይኮነ ዘርእይዎ ዘለዉ ምልክታት ትርጉም ኣይሃቦን። በቲ ንሱ ኣብ ዘይቦታኡን ግዜኡን ዝወለዶ፡ እሞ ህይወት ብዙሓት መንእሰያት ዝበለዐ ውግእ ኣይተጠዓሰን። ብመነባብሮ ናይቶም ብሰንኪ ውግእ ካብ ከባቢኦም ተመዛቢሎም ኣብ ግዚያዊ መዕቆብታት እናተቐመጡ ብቑርን ጥምየትን ሕማምን ጽምእን ዝሳቐዩ ዘለዉ ኤርትራውያን ኣይተሰከፈን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ፡ ነቲ ማሕበረሰብ ዓለም ህይወት ናይ ምድሓን ግድነት ኮይንዎ ዝለገሰሎም ረዲኤት ዝተፈላለየ ምስምሳት እናፈጠረ ይምንዘዮም ኣሎ። እቲ ዝገደደ ድማ ዳግማይ ውግእ ኣጕዱ ነዚ ሎሚ ንርእዮ ዘለና ሕሰም ክደግሞ ይደናደን ምህላዉ ኢዩ። እዚ፡ ስርዓት ህግዲፍ ናይ ህዝቢ ሓልዮትን ሓላፍነትን ዘይብሉ ስርዓ ት ምዃኑ ኢዩ ዘረጋግጸልና። ስለዚ፡ ሃገርናን ህዝብናን ካብ ብርሰት ናይ

ምድሓን ሓላፍነት ኣብ ኢድ ህዝብናን ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ውድባቱን ኢዩ ወዲቑ ዝርከብ።

ስርዓት ህግዲፍ ብዋጋ ህልውና ህዝብናን ሃገርናን ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ እንታይ ከም ዝገበረ፥ እንታይ ይገብር ከምዘሎን እንታይ ክገብር ከም ዝሓስብን ርኢና ኣለና። ምእንቲ ህዝብና ኢሉ ካብቲ ሒዝዎ ዘሎ ግኒ ክናገፍ ወይ ባህሪኡ ቀይሩ ሓላይ ህዝቢ ክኸውን እዩ ኢልካ ምጽባይ ዕሽነት እዩ። እቲ ሕጂ ተሪፉና ዘሎ ምርጫ እምበኣር ንሕና ከም ህዝቢ ብኸመይ ሃገርና ነድሕን ዝብል እዩ ዝኸውን። ነቲ ስርዓት እናማረርካን እናረገምካን ምንባር ጸኹል ስለዘይኮነ፥ በቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ዓቕሚ ለውጢ ንምምጻእ ምቅላስ እንተዘይኮይኑ ካልእ መተካእታ የለን። እዚ ግዜ ክወሃቦ ዘይግብኦ እዋናዊ ዕማም እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ተገንዚቡ ቅልጡፍ ስጕምቲ እንተዘይወሲዱ፥ ስርዓት ህግዲፍ ንስቕታኡ መዝሚዙ ዳግማይ ሓዊ ኣጕዱ ዳግማይ ዕ ንወት ካብ ምምጻእ ድሕር ኣይክብልን እዩ።

ንኤርትራ ናጽነትን ልዑላውነትን ዘልበሳ ህዝቢ ኤርትራ እምበር ህግዲፍ ወይ ካልእ ሓይሊ ኣይኮነን። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፥ ብዘይ ናይ ህዝቢ ደገፍ ስጕሚ ውን ክሰይድ ኣይክእልን ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፥ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ኵልና ኢድና ንሓውስ።

# ዝኣመነ ብሴፍ ዝኸሓደ ብሴፍ

መንግስቲ ህግዲፍ ኣብ ምንዋሕ ዕድመ ስልጣኑ ንክሕግዞ ካብ ዝምህዞ ብዙሕ እኩይ ተግባራት ሓደ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ከፋፊልካ ግዛእ ስርዓት ምስራጽ እዩ። ነዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ንሓንሳብ ንሃይማኖት ከም መሳርሒ ይወስድ እሞ ነቲ ሓደ ወይሸኻ ነቲ ሓደ ኣጆኻ ክብሎም ይጅምር። ንሓንሳብ ድማ ከተመኛን ገጠርን ዝብል ምህዞ የምጽእ። ጽንሕ ኢሉ ኸኣ ዝተማህረን ዘይተማህረን ኢሉ ከባእስ ይፍትን። እዚ ጥራይ ኣይኮነን ኣብ ሃገር ዝነብርን ኣብ ወጻኢ ዝነብርን እናረሓሓቐ ዝሸቀጠሉ እዋን'ውን ውሑድ ኣይኮነን። እቲ ከበሰታይን መታሕተታይን እናበልካን ተጋዳላይን ሲቪልን እናኸፋፈልካን ዝፍሕሶ ዝነበረ ናይ ሓሶት ድራማታት ድማ ንኩሉ ኤርትራዊ ንጹርን ፍሉጥን እዩ። እቲ ስርዓት ንነፍሲ ወከፍ ካ·ብ'ዞም ዝጠቐስናዮም ጽምዲ መወዳድርቲ ወገናት ክጥቀመሎም እንከሎ ነቲ ፍልልያት ኣጋፊሑ ኣብ ማእከል ተበላጺ ተራኡ ክጻወት ምእንቲ ከኸእሎ፥ ምስቲ ሓደ ክኸውን እንከሎ መን ኣሎ ከማኻ ይብሎ፤ ነቲ መጻምዱ ድማ ኣጸሊሙ የቕርበሉ። ምስቲ ሓደ ክህልው እንከሎ ድማ ከምኡ ብግልባጡ።

እቲ ስርዓት ኣብ ነፍሲ ወከፍ መጻምዲ ካብዞም ዝጠቐስናዮም ነጥብታት ዝጥቀሞ ተንኮል ረቂቕን ሰፊሕ ግዜ ዝወስድን ስለ ዝኾነ በዚ ኣጋጣሚ ብዛዕባ ሓደ ካብቲ ከፋፋሊ ሜላታቱ ኢና ክንቅንጭብ። ማለት ኣብቲ መጀመሪያ ግዜ ብፍላይ ቅድሚ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ውግእ ምጅማሩን ናይ ተቓወምቲ ውድባት ደሃይ ክስማዕ ምጅማሩን ስርዓት ህግዲፍ ካብ ክውንነት ንምህዳም ነቲ ፖለቲካዊ ተቓውሞ ብዘይነበረን ዘየለን ጀሃድ ክኸውሎ ጀመረ።ንሓያሎይ ናቶም ርኢቶ ኮይኑ ስርዓት ህግዲፍ ዘይፈትዎ ሚዛን ዝሓዙ ኤርትራውያን ድማ ሰዓብቲ ጀሃድዶ ሓሙሻይ መስርዕ እናበለ ክኣስርን ክቕትልን ጸኒሑ። ንነብሱ ከም ሓላይን ደጋፍን ሃይማኖት ክርስትና መሲሉ

ብምቕራብ ድማ ንኣመንቲ ክርስትና ኣነ ናትኩም እየ ንሸኻትኩም ድማ ናተይ ብዝዓይነቱ ከቀባጥረሎም ፈቲኑ።እዚ ተረኺቦዚ ዋላኳ ኣብ ዝተወሰኑ ኣመንቲ ምስልምናን ክርስትናን ከም ሓቂ መሲሉ ቀሪቡ እንተነበረ ኣብ ቅድሚ መብዛሕትኡ ካብ ህዝብና ግና መታለሊ ምንባሩን ምዃኑን ስዉር ኣይነበረን።

መንግስቲ ህግዲፍ ከምዚ ዓይነት ምትላል ዝጀመረ ድሕሪ ነጻነት ኣይኮነን። ጌና ቅድሚ ነጻነት እውን ግዚያዊ ፖለቲካዊ መኽሰብ ዕላማኡ ገይሩ በቲ ክመጽእ ዝኽእል ሃስያን ኣሉታዊ ሳዕቤንን ከይተገደሰ ኣብ ከበሳ ኣንጻር መታሕት ኣብ መታሕት ድማ ኣንጻር ከበሳ ዝሰርሕ ተበላጺ ኣካይዳ ነይርዎ እዩ። እቶም በቲ ድሕሪ ነጻነት ዘይተዓሸዉ ሎሚ ደጋፊ ሓደ ሃይማኖት መሲሉ ተቐረበ ደሓር ድማ ነዓኡ ክስልበጦ ምዃኑ ዝተረዱ ድማ እዞም ካብ ቅድሚ ነጻነት ጀሚሮም ነቲ ስርዓት ዝርድእዎ ዝነበሩ ኤርትራውያን ወገናት እዮም። እዚ ሓሳዊ ሜላዚ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ከም ዝኸሸሕ ድማ ርግጸኛታት ነይሮም።

ስርዓት ህግዲፍ ኣቕጣጫኡ ቀይሩ ነቲ ኣንጻር ሃይማኖት ምስልምና ዘካየዶ ማእሰርትን ሓደገኛ ጐስጓስን ወዲኡ ናብ ክርስትና ገጹ ካብ ዘዙሮ ሓያሎይ ዓ መታት ከይኑ ኣሎ። ነዚ ንምስልሳል ድማ ምናልባት ብሓንሳብ ኣንጻር ብዙሓት ኣብ ምፍጣጥ ንዘይምእታው ክኸውን ይኽእል ብምዕራፋት ከፍፊሉ እዩ ኣካይድዎ። ኣብቲ መጀመሪያ ዝተፈቐደን ዘይተፈቐደን ሃይማኖት ክርስትና ዝብል ብልሃት ኣምጺኡ። ነቲ ንሱ ዘይተፈቐደ ዝበሎ ሓደስቲ ፍልስፍናታት ኣብ ክርስትና በቲ ዝተረፈ ኣማኒ ክርስትና ኣቢሉ ከናእሶን ንሰዓብቱ ከበሳብስን ንብረቶም ክራስን ጸኒሑ። ንብዙሓት ክርስትያን ኮይኖም ግና ፍልይ ዝበለ እምነት ዝነበሮም ወገናት ድማ ኣንጻሮም ኣሰሊፉ ንሱ እቲ ስርዓት ብድሕሪት ኮይኑ ክዕዘብ ዝጀመረሉ ግዜውን ነይሩ።እዚ ድማ ናይ ህዝቢ ጠለብ ኢና ንፍጽም ዘለና ዝብል ብሂል ንምምሃዝ ዝተጻወደ ተንኮል እዩ ነይሩ። በዚ ኣገባብ ንነዊሕ ግዜ ቀጺሉ። ናይዚ እኩይ ተግባራት ግዳይ ዝኾኑ ብዙሓት ኤርትራውያን ድማ ንብረቶም ምስ ባደመ ኣደዳ ስደትን ምዝንባል ኮይኖም። ብዙሓት እውን ብሓባር ሃይማኖታዊ ስነ ስርዓቶም ክፍጽሙ እንከሉ ተኣሲሮም ሃለዋቶም ኣብ ዘይፍለጥ ቦታ ተወሲዶም። መርዓትን መርዓውን ሓዊስካ ናይ ሓደ መርዓ ዕ ዱማት ከም ዘለውዎ ዝተኣስርሉ ኣጋጣሚ ከም ዝተፈጠረ እውን ኣብ ግዜኡ ተወርዩስ ንብዙሓት ኣገሪሙ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ኣብዚ ንርከበሉ ዘለና እዋን ድማ ነተን ዝተረፋ እሞ መንግስቲ ብወግዒ ዝፈልጠን ነባራት ዝበሃላ ዝነበራ ሃይማኖታት'ውን ብናቱ ዕሱባት ሰለይቲ ኣቢሉ ክወረን ጀሚሩ ኣሎ። ኣብቲ ካልእ መዳያት ዝፍጽምዎ ዘለዉ ግፍዕታት ውሒድዎምስ ላዕለዎት ወተሃደራዊ ሓለፍቲ ህግዲፍ ንጻጻሳት ተኪኦም ሃይማኖታዊ ሕግታት ንህግዲፍ ብዝጥዕም መንገዲ ክሕንጽጹ ይውዕሉ ኣለዉ። ከምቲ እቲ ስርዓት ኣብ ሓንቲ ስድራቤ'ውን ከይትረፈ ዝገብሮ ንሃይማኖታት ብሰለይቲ ሓጺርወን ኣሎ። ዋላኳ ስርዓት ህግዲፍ መሰልን ክብርን ህዝቢ ዝገፍፍ ዓመጸኛ ብምዃኑ ኣብ ሃይማኖት በጺሑ ክርህርህ ብመሰረቱ ዘይትጽበዮ እንተኾነ በዚ በዚ ካብ ዝኸፈአ ናብ ዝገደደ ዝኸይድ ዘሎ ተግባራቱ ዝግረሙ ብዙሓት እዮም። ሎሚ እምበኣር ሳላ ኣዕናዊ ተግባራቱ እቲ ስርዓት ዋላ ከምስል ናይ ሓደ ሃይማኖት ተሓላቒ መሲሉ ይቐርብ እንተነበረ እቲ ሓቀኛ ባህሪኡ ግና ዝኣመነ ብሴፍ ዝኸሓደ ብሴፍ ብዝብል ዕሙት ፍልስፍና ዝምራሕ ዘየናሕሲ ምዃኑ ብዝግባእ ተቓሊዑ እዩ።

ናይቲ ስርዓት ጸረ-ሃይማኖታዊ ተግባራት ሎሚ ካብ ኤርትራ ሓሊፉ ብደረጃ ማሕበረሰብ ዓለም ብኣዕናውነት ተፈሊጡ እዩ። እሙናት ጸብጻብት ከምዝሓበርዎ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብሰንኪ ሃይማኖታዊ እምነቶም ተታሒዞም ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ዝማስኑ ዘለዉ ዜጋታት ኣስታት 2000 ምዃኖም ተረጋጊጹ'ሎ። እዞም

እሱራት ኣብ 12 መሰል እሱር ዘይክበረሎም ሕቡኣት ኣብያተ ማእሰርቲ ተዳጕኖም ከም ዘለዉ'ውን ተቓሊዑ'ሎ። ስርዓት ህግዲፍ ድማ ብሰንኪ እዚ ተግባራቱ ምስተን ብደረጃ ዓለም መሰል ሃይማኖት ዝጥሕሳ ዝተባህላ በዓል ሰሜን ኮርያ፣ ስዑዲ ዓረብያ፣ ቻይና፣ ኢራንን ቬትናምን ተሰሪዑ ኣሎ።

ኣብዚ እቲ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ሎሚ እውን ዝተወሰኑ ኤርትራውያን ነዚ ዓይኑ ዘፍጠጠ ሓቂ ሸፊኖም ናይ ህግዲፍ ዘራያት ኮይኖም ክቐርቡ ዝፍትኑ ምህላዎም እዩ። ኣብ ሃገር ኣሜሪካ ኣብዚ ቀረባ እዋን በዚ ጉዳይዚ ኤርትራውያን ተፈላልዮም ኣብ ዝለዓለ ምስሕሓብ ምብጻሖም ድማ የሕዝን። በዚ ኣጋጣሚ ኤርትራውያን ስርዓት ህግዲፍ ናይ ኩሉ ጸላኢ እምበር ናይ ሓደ ፈታዊ ናይ ሓደ ድማ ጸላኢ ከኸውን ከምዘይክእልን ከምዘይኮነን ተረዲኦም ብሓባር ንምውጋዱ ክሰርሑ ይግበኦም ንብል።

# ዜናዊ ጸብጻብ

## ኪዳናዊ ንጥፈታት፣-

### 1. ወተሃደራዊ ሰሚናር ኤዲኪ ብዓወት ተዛዚሙ

ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ኣብ መንጎ ወተሃደራዊ ክንፍታት ዘለወን ውድባት ናይ ምውህሃድ ስርሓት ክካየድ ወሲኑ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ። በዚ ውሳኔዚ መሰረት፣ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፣ ሓው ሑሴን ኸሊፋን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ጸጥታን ሓበሬታን ሓው ኢብራሂም ሃሮንን ዝመርሕዎ፣ ሓለፍትን ካድራትን ወተሃደራውን ጸጥታውን ኣብያተ-ጽሕፈታት ውድባት ኪዳን እተሳተፍዎ ሰሚናር ካብ 17-19/11/2005 ኣብ ሽረ ተኻይዱ።

ኣብዚ ሰሚናርዚ እተዘርበሎም ኣጀንዳታት፣

- ምውህሃድ (ተንሲቕ)
- ኣሰራርሓ(መካኒዝም-ኣልያት)
- ኣህጉራዊ ኩነታት(ኣልወድዕ ኣልዳውሊ)
- ጸጥታ ( ኣልኣምን)
- መድረኻዊ መደብ ዕዮ (ኣልኹጣ ኣልማርሓልያ)

ኣብ መደምደምታ፣ ሰሚናር፣ መድረኻዊ ናይ ምውህሃድ ወተሃደራውን ጸጥታውን መደብ ዕዮ ብምሕንጻጽን፤ ነዚ መደብ ዕ ዮዚ ኣብ ግብሪ እተውዕል 7 ዝኣባላታ ማእከላዊት ወተሃደራዊት ኮሚቴ ብምቛም ብዓወት ተዛዚሙ።

### 2. ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ካርቱም ሰሚናር ኣካይዱ

ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ካርቱም፣ "ዓቕምታትና ንምሕያልን ግደና ንምድንፋዕን ኣበርቲዕና ንቃለስ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፣ ብዕለት 25.11.2005 ዕዉት ሰሚናር ኣካይዱ። ኣብዚ ልዕሊ 50 ዝኾኑ ወከልትን ካድራትን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተሳተፍዎ ሰሚናርዚ፣ ኣቦ መንበር ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ካርቱም፣ ሓው መሓመድ ኣደም ኣርትዓ፣ ናይ መኽፈቲ ቃል ኣቕሪቡ። ቀጺሉ፣ ሓው መሓመድ ጣህር ሽንገብ (ኣቡ ሻክር)፣ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ጉዳያት ቃል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣስሚዑ።

ናብ ሰሚናር ዝቐረበ ወረቓቕቲ (ኣጀንዳታት) ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ።

- ቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ብሓው ሓምድ ሳልሕ ቱርኪ፣ ሓላፊ ቍጠባውን ገንዛባውን ቤት ጽሕፈት ኤዲኪ፤
- ህልዊ ኩነታት ኤርትራን ኣህጉራዊ ዝምድናታትን፣ ብሓው ጀማል ሑመድ፣ ኣካያዲ ኤርትራዊ ማእከል ኣገልግሎት ዜና፤
- ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት፣ ብሓው ኣሕመዲን ሳልሕ፣ ተመራማሪ ኣብ

ማእከል መጽናዕቲ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ፤
• ኮነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ፥ ብሓው ያሲን መሓመድ ዓብደላ፥ ኣካያዲ ማእከል ሶይራ ንሰብኣዊ መሰላት፤

እቲ ራብዓይ ኣጀንዳ፥ ብሕጽረት ግዜ ክቐርብ ከምዘይከኣለን፤ እንተኾነ ግን፥ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክቐርብ ምዃኑን ካብ ኣዳለውቲ ናይቲ ሰሚናር ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

3. ጨንፈር ኪዳን ዓባይ ብሪጣንያ ሰሚናር ኣካይዱ

ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብ6 ሕዳር 2005 ሰሚናር ኣካይዱ። ኣብቲ ሰሚናር ዝቐረቡ ኣጀንዳታት፥

- ኮነታት ዞባና
- ኮነታት ህዝቢ ኤርትራ
- ኮነታት መንግስቲ ኤርትራ

ኮነታት ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ዝብሉ ነበሩ።
ኣኼበኛታት፥ ኣብዚ ኣጀንዳታትዚ ጠቓምን ናጻን ግሉጽን ዝኾነ ክትዓት ኣካይዶም። ጉዳይ ዶብ ንውሕ ዝበለ ግዜ ዝወሰደ ክትዕ ዝተኻየደሉ ኣርእስቲ ምንባሩ ውን ካብቲ ቦታ ዝመጸና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ፥ ተሳተፍቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ሰሚናራት ክደጋገም ብምልባው ኣኼባ ብሰላምን ሕውነታውን መንፈስ ተዛዚሙ።

ኤርትራ፡-

1. ቀዳማይ ጸብጻብ መደበር ሶይራ ንሰብኣዊ መሰላት ብወግዒ ተዘርጊሑ።

መደበር ሶይራ ንሰብኣዊ መሰላት ዘዳለዎ ብዛዕባ ኮነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዝገልጽ ጸብጻብ፥ ብዕለት 14 ሕዳር 2005 መራሕትን ወከልትን ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፥ ሱዳናውያን ጠበቓታት፥ ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ጋዜጠኛታትን ኣዳለውትን ኣብ ዝተረኽብሉ ጽንብል ብወግዒ ተዘርጊሑ።

ሓው ያሲን መሓመድ ዓብደላ፥ ኣካያዲ መደበር ሶይራ ንሰብኣዊ መሰላት፥ ብዛዕባቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ሓጺር መግለጺ ኣቕሪቡ። ሓው ያሲን ኣብ መግለጺኡ፥ ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ሰብኣዊ ግህሰታት መዘና ዘይብሉ ምዃኑን፤ እቲ ድሕሪ ናጽነት እተሰደ ህዝቢ ዕጽፊ ናይቲ ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎ እተሰደ ዜጋ ምዃኑን ኣቃሊዑ። ከምኡ ውን፥ እቲ ዝቐረበ ጸ-ብጻብ ሓሙሽተ ምዕራፋት ከምዘለዎ ሓቢሩ። ብኸምዚ ዝስዕብ ድማ ገሊጽዎ።

ቀዳማይ ምዕራፍ፡- ሓፈሻዊ ናጽነታትን ሲቪካዊ መሰላትን፤
ካልኣይ ምዕራፍ፡- መጭወይትን ንሞት ዘብጽሕ ሓይሊ ምጥቓምን፤
ሳልሳይ ምዕራፍ፡- ጃምላዊ ማእሰርትን ኮነታት ኣብያተ-ማእሰርትን ናይ ስቅያት ኣገባባትን፤
ራብዓይ ምዕራፍ፡- ኣብ ልዕሊ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝፍጸም ግህሰታት፤
ሓሙሻይ ምዕራፍ፡- ኮነታት ስደተኛታት።

ኣብ ርእሲ'ዚ፥ ልዕሊ 20 ዝኾኑ ሱዳናውያን እስረኛታት ከምዘለዉ ውን ሓቢሩ። እዚ ጸብጻብዚ፥ ካብ ኣህጉራዊ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ተጣበቕቲ ማሕበራትን፤ ካብ ማእሰርቲ ዝወጹ ባእታታትን፤ ካብ ንስደት ዘምርሑ ዘለዉ ዜጋታትን እተኣከበ ሓበሬታ ምዃኑ ውን ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፥ እቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ንኣኼበኛታት ተዓዲሉ።

2. ጋዜጣ ኣልወጠን፥ ሕታም ቍጽሪ 911፥ 17 ሕዳር 2005
ስደተኛታት ነፋሪት ሊብያ ዋሕስነትን መግብን ንምጥላብ ንመደበር ላዕለዋይ ኮሚሽን ዑቕባን ደፊኦም ኣትዮም።

ካርቱም፥ ጥሃ ኣልንዕማን

ነታ ናብ ኣስመራ ትወስዶም ዝነበረት ወተሃደራዊት ነፋሪት ሊብያ ኣገዲዶም ኣብ

ካርቱም ክትዓልብ ዝገበሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝወሰነትሎም ገዛ ብዘይ መግብን ማይን ዋሕስነትን ክሳቐዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንመደበር ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ካርቱም ደፊኦም ክኣትዉ ከምእተገደዱን፤ ናይ ዑቑባ ውሕስነት ክግበረሎምን መግብን ማይን ክዳንን ክውሃቦምን ከምዝጠለቡን፤ ስርዓት ኣስመራ ጉድኣት ከየውርደሎም ይፈርሑ ክነሶምን ክሳዕ ሕጂ ብሓደ ዋርድያ ጥራሕ ክሕለዉ ምጽናሖምን ገሊጾም። ድሕሪ ገለ ሰዓታት ንመደበር ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ካርቱም ደፊኦም ምእታዎም፥ ጋዜጣ "ኣልወጠን" ምስዞም ስደተኛታት እዚኣቶም ተራኺባ ንክልተ ካብኣቶም ብዛዕባ ኩነታቶም ከተዘራርብ ክኢላ። ቍጽሮም 13 ኢዩ።

ከም ኣገላልጽኡም፡ ሰበስልጣን ሱዳን ኣብ ዝሓለፈ 13 ጥቕምቲ ካብ ማእሰርቲ ዘውጽእዎም ዕለት ጀሚሮም ኣብ ትሕቲ ክፍሊ ምምሕዳር ወጻእተኛታት ኣብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ኰይኖም ኣህጉራዊ ናይ ስደተኛታት ዑቑባ ክግበረሎም ክጠልቡ ከምዝጸንሑን፤ ቅድሚ ኣርባዕተ መዓልታት ካብ መደበር ክፍሊ ምምሕዳር ወጻእተኛታት ወጺኦም ናብቲ ኣብ ምብራቕ ስሓፋ ዝርከብ ማእከል ላዕለዋይ ኮሚሽን ገጾም ከምዝምርሑን፡ እዚ ድማ፡ ኣብ መንጐ መንግስቲ ሱዳንን ላዕለዋይ ኮሚሽንን ብዝተበጽሐ ስምምዕን" መንግስቲ ሱዳን ብዛዕባታ እተጨውየት ነፋሪት ዝኣክል ምርመራ ድሕሪ ምክያዳን ምንባሩ ገሊጾም። ኣብዚ ዝሓለፈ ሰንበት ናብ ላዕ ለዋይ ኮሚሽን ስደትኛታት ሕቡራት ሃገራት ካብ ዝበጽሕናሉ ዕለት ጀሚርና፡ ነቶም ኣብ ትሕቲ ላዕለዋይ ኮሚሽን ዝርከቡ ከም ናትና ዝኣመሰለ ጉዳያት ዘለዎም ስደተኛታት ዝውሃብ መግቢ ይኹን ዝግበር ሓለዋ ጠሪሱ ኣይተገብረልናን። ስለዚ፡ ከይንርሳዕን ኣብ ልዕሌና ዝኾነ ይኹን ጉድኣት ከይወርድን ስለዝፈራሕና፡ እቲ እንነብረሉ ዝነበርና ገዛ ገዲፍና ናብቲ ኣብ ምብራቕ ስሓፋ ዝርከብ መደበር ላዕለዋይ ኮሚሽን ክንከይድ ወሲና። ኣብዚ መደበርዚ ንሓደ ለይቲ ድሕሪ ምሕዳር፡ ናብቲ ዋና መደበር ናይ ላዕለዋይ ኮሚሽን ገጽና ኣምራሕና። ኣብኡ ምስ በጻሕና፡ እቶም ሰራሕተኛታት ዝወጽሉ ሰዓታት ስለዝነበረ፡ እቲ ማዕጾ ተኸፊቱ ጸኒሑና ኣቲና፤ ምስቶም ክሳዕ ሕጂ ዘይረኸቡና ሓለፍቲ ላዕለዋይ ኮሚሽን ንምርኻብ ከኣ ንጽበ ኣሎና ኢሎም። ጠለባትና ድማ፡ ዑቕባ ክውሃበናን ሓደ ስደተኛ ብህይወት ክነብር ዘድልዮ ነገራት ክማልኣልናን ጥራሕ ኢዩ ይብሉ። እቶም ዋርድያ ናይቲ መደበር ውን፡ እዚ ዝተነግረና ጉዳይ ሓቂ ምዃኑ ኣረጋጊዶምልና።

### 3. ኣሳናዳኢ ጋዜጣ ሰቲት ተፈቲሑ

ዳዊት ኢሳቕ፡ ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ሰቲት ካብ ማእሰርቲ ከምዝወጸ፡ ናይ ሽወደን ጋዜጣታትን ተለቪዥናትን ኣቃልሐን። ዳዊት ኢሳቕ ብትውልዱ ኤርትራዊ ኰይኑ፡ ናይ ሽወደን ዜግነት ዘለዎ ጋዜጠኛ ኢዩ። ብ2001 ድማ፡ ዳዊትን ካልኦት ልዕሊ 15 ዝኾኑ ጋዜጠኛታትን ነቲ ብገለ ኣባላት መሪሕነት ህግዲፍ ዝተበገሰ ናይ ጽገና ጠለባት ደጊፍኩም ተባሂሎም ከምእተኣስሩ ዝዝከር ኢዩ። መንግስቲ፡ ኤርትራ ብደገደገ ብስለላን ክድዓትን ክኸሶም እኳ እንተተሰምዐ፡ ናብ ቤት ፍርዲ ግን ከቕርቦም ኣይከኣለን።

ዳዊት ኢሳቕ ካብ ማእሰርቲ ምውጻኡ፡ ንቤተሰቡ፡ ንሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ሽወደን፡ ንዳዊት ዝድግፍ ማሕበር ሽወደናውያን፡ ነቶም እሱራት ክፍትሑ ኣበየቦታኡ ሰላማዊ ሰልፊ ዝገበሩ ኤርትራውያን ሲቪካውያንን ፖለቲካውያን ማሕበራት፡ ነቶም ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ጉዳይ እሱራት ኣቃልቦ ክረክብ ብማለት ካብ ስዊዝ ናብ ሮማ ብእግሮም ብምጉዓ

ዝ ተቓውሞም ዘስምዑ ጀጋኑ ሃገራውያን ተኸለ ገብረገርጊስን ሳሙኤል ገብረገርጊስን፤ ከምኡ ንኣህጉራዊ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ዓቢ ዓወት ኢዩ።

ናይ ሽወደን ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት፡ ወይዘሮ ለይላ ፍረይቫልድ፡ ነዚ ሓበሬታዚ ድሕሪ ምስምዓ ከቢድ ሸኽም ከምዘውረደት ኰይኑ ከም እተሰምዓ ገሊጻ። ጉዳይ ዳዊት ኢሳቕ፡ ንኣባላት ፓርላማን ንፖለቲካዊ ፓርትታትን ሽወደን ውን ከዛርብ ዝጸንሐ ጉዳይ ምዃኑ ዝፍለጥ ኢዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቕምቲ እኳ፡ ሰለስተ ኣባላት ባይቶ ሽወደን፡ ልዝብ ምስ ስርዓት ኤርትራ መፍትሒ ከምጽእ ኣይክእልን ኢዩ ናብ ዝብል ዕግበት ስለዝበጽሑ፡ ካልእ ምርጫታት ክርአ ኣለዎ ከምዝበሉን ዝዝከር ኢዩ። ካብቲ ክርአ ኣለዎ ዝበልዎ ካልእ ምርጫታት፡ ንኤርትራ ዝውሃብ ሓገዝ ደው ምባል ወይ ድማ፡ ሰበስልጣን ኤርትራ ንኸይቀንቀሳቐሱ ዝእግድ ውሳኔ ምሕላፍ ዝብል ነበረ።

ማሕበር ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት ኣብ ሽወደን ሰሉስ ሰሉስ ኣብ ኣፍደገ ኤምባሲ ኤርትራ ዳዊት ኢሳቕ ይፈታሕ ዝብል ሰላማዊ ሰልፊ ይገብሩ ምንባሮም ዝዝከር ኢዩ። ኣብ ፈረንሳይ ዝመደበሩ ማሕበር ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት ዳዊት ኢሳቕ ካብ ማእሰርቲ ምውጻኡ ሓቂ ምዃኑን፡ ጌና ግን ዘይተፈትሐ ካልኦት ጋዜጠኛታት ምህላዎምን ኣረጋጊጹ።

ድሒሩ ብሰበስልጣን መንግስቲ ኤርትራ እተዋህበ መግለጺ ግን፡ ዳዊት ኢሳቕ፡ ንሕክምና ናብ ሆስፒታል ደኣሉ ኣትዩ እምበር ካብ ማእሰርቲ ኣይተፈትሐን ዝብል ኢዩ።

**4. ሕቡራት ሃገራት ስድራቤታት ኣባላቱ ካብ ኤርትራ ክወጹ መምርሒ ሂቡ**

ብሰንኪቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን እናተጓሃሃረ ዝኸይድ ዘሎ ዶባዊ ግጭት፡ ሕቡራት ሃገራት፡ ንኹሎም ስድራቤታት ናይቶም ኣብ ኤርትራ ዝሰርሑ ዘለዉ ኣባላቱ፡ ካብ ኤርትራ ክወጹ ትእዛዝ ከምዘመሓላለፈ ሓደ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ሓቢሩ ክብል ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ እተባህለ ኣህጉራዊ ናይ ዜና ማዕከን ገሊጹ።

ጸጥታዊ ኵነታት ዝምልክት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሓሙሽተ ደረጃታት ከፊሉ ከምዝምልከቶ ውን ሓቢሩ። በዚ መለኪዓ ‑ታትዚ መሰረት ኵሉ ኣውራጃታት ወይ ዞባታት ኤርትራ ብዘይካ ጋሽን ባርካን ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ከምዝርከብ። እዚ ደረጃዚ ኣብ ዝተበጽሓሉ ቦታታት ድማ፡ ስድራ ቤታት ናይቶም ኣብቲ ሃገር ተመዚዞም ዘለዉ ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ክወጹ ጥራሕ ከምዘለዎምን ንኸወጹ ውን መምርሒ ከምእተዋህቦምን ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ ኣረጋጊጹ። እቲ ጸጥታዊ ስግኣት ኣብ ጋሽን ባርካን ኣብ ራብዓይ ደረጃ ምህላዉ፡ ኣብ ትሕቲዚ ኵነታትዚ ድማ፡ ዓቐብቲ ሰላም ሰራዊት ካብቲ ቦታ ክርሕቑ ከምዘለዎም፤ ሓሙሻይ ደረጃ እንተደኣ በጺሑ ግን፡ ኵሎም ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ነታ ሃገር ለቒቖም ክወጹ ምዃኖም ኣተንቢሁ። በዚ መሰረት ዩኒሴፍን (UNICEF) ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራትን (UNHCR) ካብ መብዛሕትኡ ቦታታት ኤርትራ ወጺኦም ምህላዎም ውን ዘኪሩ።

ሓይልታት ዓቓቢ ሰላም ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን (UNMEE) ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ሰራዊታት ምንቅስቓሳት ይጽዕቕ ኣሎ ክብል ሓቢሩ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ኤርትራ ናይ ሀሊኮፕተራት በረራ ካብ ዝኣገደትሉ፡ ወርሒ ጥቕምቲ 2005 ኣትሒዙ፡ ናይ ምቍጽጻር ዓቕሙ ብ60% ከምዝነከየ ገሊጹ።